

## ብዛዕባ Studiefrämjandet ዝምልከት

እተን ቀዳሞት Studiefrämjandet ሕ/ሰብ ክቕይሩ ብዝተበገሱ ሰባት ቅድሚ 100 ዓመታት ኣቢሉ ኣብ ዝነበረ ግዜ ዝጀመራ ኢየን፡፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ቅሩብ ዝተፈላለዩ ኣገባብ ኣሰራርሓ ዝኸተላ 10 Studiefrämjandet ኣለዋ፡፡ ኩለን እዘን ማሕበራት ቁጠባዊ ሓገዛት ካብ መንግስቲ ይረኽባ፡፡ ምምሕዳር ኣውራጃታትን ኮሙናትን ኩላቶም ልዕሊ 13 ዓመት ዝዕድሚኦም ምስ ካልኦት ብሓባር ኣብ ምሉእ ዕድሚኦም፡ ናይ ምስታፍን ሓዲሽ ፍልጠት ናይ ምቕሳምን ዕድል ከምዝረኽቡ ይገብራ፡፡ እዚ ምምሃር ሕ/ሰብ ይበሃል፡፡

Studiefrämjandet ሓንቲ ካብተን ዝዓበያ ናይ ሸወደን ናይ ምምህሃር ማሕበራት ኮይና ሰፊሕ ትምህርታዊ-መኣዲ፡ ትምህርቲ፡ ባህላዊ መደባት ከምኡ`ውን ኣስተምህሮታት ኣብ መላእ ሸወደን ተካይድ ኢያ፡፡ Studiefrämjandet ካብ ፖለቲካን ሃይማኖትን ነጻ ኮይና ኣብ መላእ ሸወደን ንዝርከቡ ኣሽሓት ትምህርታዊ-መኣድታትን ማሕበራትን ትሕግዝ፡፡ ምስቲ ንሕና ነድህበሎም ተፈጥሮ/ባህሪ፡ እንስሳ፡ ከባቢ ከምኡ`ውን ባህሊ ብንጥፈትን ብቐጻሊ ምምዕባልን ንሰርሓሉ ኢዩ፡፡

## ብሓባር ኮይንካ ምምህሃር ኣዝዩ መሳጢ ኢዩ

ልዕሊ ኹሉ፡ ሰባት ብሓንሳብ ምስ ካልኦት ኮይኖም ክምዕብሉ ንምሕጋዝ ኢዩ ህላዌና፡፡ ማዕረ-ማዕሪኡ ከኣ መሳጢ ኢዩ፡፡

ኣብ Studiefrämjandet ርኽቡና`ሞ ዝያዳ ሓበሬታ ክንህበኩም ኢና!

studieframjandet.se

Tigrinja



# ትምህርታዊ-መኣድታት

## ብሓባር ንምምህሃር ጽቡቕ ኣገባብ

# ትምህርታዊ-መኣዲ ንምጅማር ቀሊል ኢዩ!

ምናልባት  ብሓባር ምስ ኣዕሩኽትኻ ወይ ማሕበርካ ብምኽፋን ሓድሽ ነገር ክትመሃር ትደሊ ዶ? ስለምንታይ ደኣ`ሞ ምስ Studiefrämjandet (ማሕበር-ምምህሃር) ትምህርታዊ-መኣዲ ዘይትጅምር? እነሆ ብዝተፈላለየ መልክዑ ክንሕግዘካ ኢና!

እዚ ትምህርታዊ-መኣዲ ኣብ ሽወደን ነዊሕ ታሪኽ ዘለዎ ፍሉይ ናይ ምምህሃር ኣገባብ ኢዩ፡፡ ብድሕሪ`ዚ ትምህርታዊ-መኣዲ ዘሎ ሓሳብ ቀሊልን ዝድነቕን ኢዩ፣ ትምህርታዊ-መኣዲ ንእሽቶ ናይ ሰባት ጉጅለ ኮይኑ እቶም ሰባት ብተገዳስነት ብሓባር ኮይኖም ካብ ሓድሕድ ዝመሃሃሩሉ ኢዩ፡፡ እቶም ጉጅለ ብሓባር ብምኽፋን ነቲ መደብ ምህሮ ኣልዒሎም ነቲ ክመሃርዎ ዝደልዩ ብዝበለጸ ክመሃሩሉ ዘኽእሎም መንገዲ/ኣገባብ ይሕንጽዑ፡፡

እንታይ ከም እትገብሩ ድሮ ፈሊጥኩሞ ዶ ኣለኹም? ምስ ኣብ እትነብሩሉ ቦታ ዝርከብ Studiefrämjandet ተራኸቡ`ሞ ናይ ትምህርታዊ-መኣዲ መደብኩም ኣብ ምትግባር ክንሕግዘኩም ኢና፡፡ ወይ ኣብ ክንድኡ እንታይ ከም እትገብሩ ብዝምልከት ምኽሪ ዘድልየኩም እንተኾይኑ ዝተፈላለዩ እማመታት/ሓሳባት ነቕርበልኩም፡፡

ሓሳብካ ብውልቅኻ ዲዩ? ከምኡ እንተኾይኑ ተሳተፍቲ ንምርካብ ብሓባር ኮይንና ዝተፈላለዩ መንገድታት ክንደሊ ንኽእል፡፡ ብካልእ ኣዘራርባ፡ እንታይ ከምትገብር ንስኻ ትውስን፡፡ ንሕና ከኣ ኣብ ምትግባሩ ንተሓባበረካ፡፡

ትምህርታዊ-መኣዲ ምሳና ክትጅምሮ ዝኽፈል ክፍሊት ዘይብሉ ኮይኑ፡ ዳርጋ ብዛዕባ ዝኾነ ነገር ወይ ኣርእስቲ ዝምልከት ኢዩ፡፡ ንሓደሽቲ ሓሳባት  ኩሉ ግዜ ክፉታት ኢና፡፡ ንምህሮ ዝሕግዙ ናውቲ፡ ዝሰማማዕ ቦታ ወይ ኣብ መርበብ-ዝምድናታት/ሌላ ዝተሞርኮሰ መፍትሒታት ኣብ ምድላይ ንሕግዝ፡፡ ብተወሳኺ፡  ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውድታት፡ ብፍላይ ከኣ ኣብቶም ንሕና ነድህበሎም ተፈጥሮ/ባህሪ፡ እንስሳ፡ ከባቢ ከምኡ`ውን ባህሊ ሰፊሕ መርበብ-ዝምድናታት/ሌላ ምስ ፍልጠትን ተሞክሮን ኣለና፡፡

ተተባቢዕካ ብዛዕባ ትምህርታዊ-መኣድታት ዝያዳ ንምንባብ መርበብ ሓበሬታና studieframjandet.se  ኢዩ፡፡



## ብዛዕባ ናትና ትምህርታዊ-መኣዲ ክትፈልጦ ዘድልየካ

- ትምህርታዊ-መኣዲ ብውሑዱ ብሰለስተ ሰባት ዝቖመት ኮይና ብዉሑዱ ሰለስተ ግዜ ትራኸብ
- ኣርእስቲ (መመሃሃሪ) ክፉት ኢዩ፡፡ እንታይ ከም እትገብሩን እንታይ ከም እትመሃሩን ባዕልኻትኩም ኢኹም ትውስኑ፡ ፡
- ወይ ብኣካል ወይ ብመንገዲ ኢንተርኔት፡ ወይ ከኣ ብክልቲኡ ኣገባባት ክትራኸቡ ትኽእሉ፡፡

## ብሓገዝና ምድላውይከኣል

ትምህርታዊ-መኣድኹም ወይ ማሕበርኩም ንኣብነት ሰሚናር፡ ምርኢት-ኤግዚቢሽን፡ ምርኢት ዳንስን ኮንሰርትን ከተዳልዉ እንተደሊኹም ክንሕግዘኩም ክእለት ኣለና፡፡ ኣብ መብዛሕቱ፡ ብመሳርሒታት፡ ቦታን ዕድጋ ኣብ ምግባርን ኢና ንተሓባበር፡፡

